ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ጉዳይ ምስ ናይ መንእሰያት ጉጅለሕክምና ሓኪም ወይ ተሓጋገዚቲ መወከሲ GGD ተዘራረብኩም ኔርኩም።
ብቑንቑኹም ዝተጻሕፈ ወረቐት ዝተዳለወልኩም ምኽንያት፡ ኣብቲ ጊዜ ዝርርብና ዝቐሰምኩሞ ሓበሬታ፡ ምስ ቤተሰብኩም ፈትውቱኹምን ኮይንኩም ብዕቱብ ክትመያየጡሉን ክትዘራረቡሉን ብምሕሳብ እዩ።

ኣብ ዓለምና ብምኽንሻብ ዝመጸ ካብ 130 ሚልዮን ንላዕሊ ዝኣኸላ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ተጠቂዐን ኣለዋ። እዚ ተርእዮ እዚ ኣብ 28 ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ኣብ ኣስያን ማእከላይ ምብራቕን ዝርከቡ ሓደ ሓደ ብሄራት ሱዳንን ኩለን ይዝውተር።
ከም ኣብነት ኣብ ሶማል፡ ጅቡቲን፡ ሰሜን ሱዳንን ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ክበሃል ይከኣል።
እቲ ዝኸርኤ ናይ ምኽንሻብ ዓይነት INFIBULATIE ወይ ፈርዖናዊ ክንሻበት ዝበሃል፡ ይፍጸመን።
መብዛሕትኡ ዝኽንሸባ ኸኣ ኣዋልድ እየን። በብሃገሩ ትኽክል ዕድሜኤን ይፈላለ እዩ።
መብዛሕቲኡ ጊዜ፡ ምኽንሻብ ዝፍጸም ጽግያት ክረኣ ከይጀመረ ከሎ እዩ።
ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ስለምንታይ ክትክንሸብ ኣድለየ።
ዝተፋላለዩ መኽንያታት ይቐርብ ከም ኣብነት፡ ባህልናን ስርዓትናን ስለ ዝኾነ፡ ድንግላና ስለ ዘውሕስ፡ ናይ መርዓ ዕድል ስለ ዘስፍሕ፡ ወይ ብናይ እስልምና እምነት ይበሃል።

*ማሕበር ሓለዋ ጥዕና ዓለም(WHO) ሓካይምን ተሓጋገዝቶምን ምኽንሻብ ከየትግበሩን፡ ናይ ሓለዋ ጥዕና ትካላትውን ንምኽንሻብ ዘገልግሉ መሳለጥያታት ከየቕርቡን ይእግድ።*

ኣብ ዓለምና ንምኽንሻብ ደቀንስትዮ ብምቅዋም ደው ንኽብል ወይ ክተርፍ ብትግሃት ጻዕርታት ይካየድ።



GGD Amsterdam

# ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ወለደይ ፍቓደኛታት ኣይኮኑን፡

(Meisjesbesnijdenis, Mijn ouders zeggen Nee)

# ንምኽንሻብ ንልኩም ኣይፋለን በሉ

- ብዝይ መደንዘዚ፡ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ስለ ዘቕንዙ፡
- ዘስካሕክሕ ተመኩሮ ስለዝኾነ፡
- ብዙሕ ደም ስለ ክፈስስ ስለ ዝኽእል፡
- ናይ ረኽሲ ሳዕቤን ስለ ዘስዕብ
- ሞት ከስዕብ ስለ ዘኽእል፡
- ብረኽሲ ዝኣክል ማህጸን ምምካን ከስዕብ ስለ ዘኽእል፡
- ንጾታዊ ርክብ ኣብ ፈለማ ኣጸጋሚ ስለ ዝገብሮ፡
- ኣብ ጊዜ ምውላድ ጸገም ስለ ዝገብረላ፡
- እቲ ቃንዛ ምስ ዚስዕርር ክሳብ ናብ መዓናጡ ክኸይድ ስለ ዝኽእል
- ኣብ እዋን ጽግያት ጸገም ክህሉ ስለ ዝኽእል
- ኣብ መተሓላላፊ ሽንቲ ኮነ ኣብ ምሻን ጸገም ከምጽእ ስለ ዝኽእል፡
- ኣብ እምነት እስልምና ኮነ ክርስትና ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ስለዘይእዝዝ።

ኣብ ሃገረ ሆላንድ ብሕጊ ክልኩል ስለ ዝኾነ።

# ኣብ ሆላንድ ዘሎ ሕጊ

ካብ 1993 ጀሚሩ ኣብ ሆላንድ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ክልኩል እዩ። እዚ ኸኣ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ምኽንሻብ የጠቓልል።

- ምውጋእ ወይ ምቕዳድ ቅንጢር፡
- ፈጽምካ ምቁራጽ ኣፍ ርሕሚ፡
- ቅንጢርን ንኡሳን ሽንፎት ርሕምን ቆሪጽካ ምድርባይ፡
- ዓበይትን ንኣሽቱን ጫፋት ርሕሚ ቆሪጽካ ምድርባይ፡

ምኽንሻብ ዝፍጽም ኮነ ዝተሓባበር ብሕጊ ይሕተት። ንማእሰርቲ የብጽሕ፡

- ኣብ ምኽንሻብ ክተሓባበር ኣይፍቀድን፡
- ምኽንሻብ ንኺካየድ መገዲ ኽትህብ ኣይግባእን፡
- ባይታ ክተጣጥሕ ኣይፍቀድን፡ ኣብነት፡ ንመኽንሸቢ፡ ዝኸውን ገንዘብ ምሃብ።
- ሰብ ኪኽንሽብ ክትእዝዝ፡ ክትፍቅድ ኣይትኽእልን።

ኣብ ሆላንድ ነብሲ ወከፍ ህጻን ናይ ሓለዋኡ መሰል ስለ ዘልዎ፡ ጥዕናኡ ክይተረፈውን ስለዝኾነ፡ ምግራዝ ኣዋልድ ገበን እዩ። ምኽንሻብ ንጥዕና ደቂ እንስትዮ ስለ ዝጎድእ።
ሓበሬታት፡ ካብ "ፋሮስ" ማእከል ምኽንሻብ  ደቀንስትዮ ክትረኽቡ ትኽእሉ።
(Focalpoint meisjesbesnijdenis van Pharos).
ኣብ ጊዜ ስራሕ ካብ 12፡00-17፡00 ዘሎ ጊዜ ብቴለፎን ቁጽሪ ስልኪ
030-2349800 ንሕቶታትኩም ይቕበሉ።
ኢ-ሜይል focalpointmeisjesbesnijdenis@pharos.nl

FSAN
ሰኑይን ሓሙስን ካብ 11፡00-16፡00 ዘሎ ጊዜ ብቴሌፎን ቁጽሪ
020-4861628/06-52123594 ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኻሉ።
ኢ-ሜል፡ info@fsan.nl ወይ z.naleie@planet.nl
ንሓበሬታ ኮነ ረድኤት እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተጠቐሙ፡
Jeugdgezondheidsteam of voorlichter eigen cultuur naar eigen sociale kaart
S-17 (09-07) TIGRINYA.